## ግሉጽን ደሞክራስያውን ፖለቲካዊ ገምጋም፡

## ፍቱን መድሓኒት ንፖለቲካዊ ሕማም፡

ኣብ ፖለቲካዊ መዳይ ጥራሕ ዘይኮነ፡ ኣብ መንግስታዊ ትካላት፣ ማሕበራት፣ ናይ ብሕቲ ትካላት ገምጋም ስራሕ ምግባር ብኣረኣእያ ቅቡል፡ ብተግባር ድማ ዝስረሓሉ ምሩጽ ሜላ'ዩ። ምኽንያቱ ሓያልን ድኹምን ጎኒኻ ዘርኢ፡ ዓቕሚ ሰብ ዘጎልብት፡ ባህሊ ግልጽነትን ተሓታትነትን ዘስርጽ፡ ሚዛን ሓድነትን ማዕርነት ዝሕሉ ደሞክራያዊ መድረኽ ብምኳኑ ኣድላይነቱ ዕዙዝ'ዩ። ኣብ ሓባራዊ ስራሓት ነጻን ደሞክራስያውን መድረኽ ከፊትካ፡ መበገሲኻን ሸቶኻን መሰረት ብምግባር፡ እንታይ ወጢና፡ እንታይ ኣዐዊትና፡ እንታይ ተሪፉና፡ እንታይ ዕንቅፋት ገጢሙና፡ ከመይ ከ ክንሰግሮ ወይ ክንፈትሖ ኣለና ኢልካ ምግምጋም ፍቱን ኣገባብ ንኣድማዒ ስራሕ'ዩ። ከም ተመክሮ ብዙሓት ፖለቲካዊ ውድባት፡ ማሕበራት፡ መንግስታውን ዘይመንግስታውን ትካላት ካብ ላዕሊ ክሳብ ታሕቲ ዝርከቡ ኣባላት፡ ሰራሕተኛታት፡ ዘሳተፈ ነጻ ገምጋም ስራሕ ስለ ንገብር፡ ኣብ ስራሕና ምትእምማን፡ ግልጽነት፡ ተሓታትነት፡ ተወፋይነት ጠጢዑ፡ ስለዚ ከኣ ውጽኢታውያን ኮይና ኢሎም ክዛረቡ ይስምዑ።

ኣሳተፊ ግሉጽ ደሞክራስያዊ፡ ሓባራዊ ገምጋም ስራሕ ምክያድ፡ ኣገዳስነቱን ውጽኢቱን ብስነ-ፍልጠት ዝተደገፈ'ዩ። እሞ ኤርትራውያን ብሓፈሻ፡ ፖለቲካዊ ውድባት ከኣ ብፍላይ፡ ኣብ ፖለቲካዊ ገምጋምን ኣድላይነቱን ዘለና ኣገንዝቦ ከመይ'ዩ? ብደረጃ ተናጸል ውድባት ኮነ ሓባራዊ ግንባራት ነጸ፡ ግሉጽ፡ ደሞክራስያዊ መድረኽ ከፊትና፡ ብሓባር ከመይ ኣለና፣ ካብ መደባትና እንታይ ኣድሚዕና፡ እንታይ ከ ይጎድለና? ምኽንያት ናይ ድኽመትና እንታይ'ዩ ባዕላዊ ወይስ ወድዓዊ? ዓቕሚ ምንኣስ ወይስ ቅንዕና ዘይምህላው ናይ ምግምጋም ንቕሓትን ባህልን ኣለና'ዶ? መልሱ ገና ብዙሕ ዝተርፈናዩ'ዩ። ንዝኣተናዮ ቃል፡ ዘውጻእናዮ መደብ ብሓባራዊ ደሞክራስያዊ መድረኽ ምፍታሽ ምግምጋም ፖለቲካዊ ባህሊ ኣየማዕበልናን። ፖለቲካዊ ገምጋም ስራሕ ምግባር፡ ውሽጣዊ ሓድነት ዘትርር፣ ንድሑር ዝምባሌታት ዝገርሕ፣ ንናይ ጸላኢ ስልኳታት ብንቕሓት ተናቢቡ ዝከላኸል ድልዱል ዕርዲ ምዃኑ ዘለና ኣገንዝቦ ዘተባብዕ ኣይኮነን።

ኣብ ውሑዳት ዘይኮኑ ፖለቲካዊ ውድባት ኤርትራ፡ ኣብ ኣድላይነት ፖለቲካዊ ገምጋም ዘሎ ኣገንዝቦ ትሑት'ዩ ጥራሕ ዘይኮነ ዝተዛበዐ'ዩ። ባህሊ ፖለቲካዊ ገምጋም ንምትእትታው ወይ ንምስራጽ፡ ብንግበር ንግበር ብኣካል እኽብክብ ኢልካ ዝፍጸም ተራ ስራሕ ኣይኮነን። ምኽንያቱ፡ ቀዳማይ፡ ምንጻርን ምውናን ህዝባዊ ዝኾነ ፖለቲካዊ ስነ-ሓሳብ፣ ካልኣይ፡ ብደሞክራስያዊ ኣረኣእያ ዝተገርሐ ቀላሲ ፖለቲካዊ መሪሕነት፣ ሳልሳይ፡ ሕጋዊ ተሓታትነት ዘለዎ ስጡም ውደባ፣ ራብዓይ፡ ካብ ኩሎም ድሑራት ኣረኣእያታት ሓራ ምዃን፣ ሓምሻይ፡ እቲ መድረኽ ናይ ሓባር ምዃኑ ኣብ ግምት ዘእተወ ሃናጺ ሓሳብ ናይ ምሃብን ምቕባል ስልጡን ኣተሓሳስባ ምውናን፣ ሻድሻይ፡ ስምዒትካ ምቁጽጻርን ትዕግስትን፣ ሻብዓይ፡ ሓሳብ ብሓሳብ ምስዓር ዘሕፍር ዘይኮነ፡ ስልጡን ኣፈታትሓ ንናይ ኣረኣእያ ፍልልያት ምዃኑ ምርዳእን ምቕባልን ከምኡ'ውን ንነብስኻ ወትሩ ተመሃራይ ገይርካ ምስራዕን ይሓትት።

ኣብ ተመክሮ ፖለቲካ ኤርትራ፡ ዘነይት ወተሃደራዊ ሓርበኝነት 'ምበር፡ ንልኡላውነትን ወሳንነትን ህዝቢ መሰረት ዝገበረ ልዕልና ሓይሊ ሓሳብ ቅድሚ 1991 ኣይነበረን። ሎሚ'ውን የለን። ብወሳኒ መልክዑ ንፍልልያት ብግዝያዊ ስምዒታዊ ረስኒ፣ ብተራ ውልቃዊ ባእሲ፣ ብድሑር ስምዒታት ዝሰኸረ ዕሙት ስነ-መጎት ሓይሊ ስዒሩ ልዕልነቱ ከረጋግጽ ዝሕልን እንተዘይኮይኑ፡ ነዚ ስልጡን ፈታሒ ጸገም ዝኾነ ነጻን ደሞክራስያውን ፖለቲካዊ ገምጋም ብግቡእ ክንጥቀመሉ ኣይንረኣን። እዚ ካብ ዘለና ድኹም ፖለቲካዊ ርድኢት ዝነቅል'ዩ።

ብርግጽ ደሞክራስያዊ መድረኽ ከፊትና፡ ዝሓለፈን ህልውን ስራሕና ገምጊምና፡ መጻኢ መደባት ሰሪዕና ብዓወት ወጺእና ዝብል ዜናን መግለጽን ምስማዕ ሓድሽ ኣይኮነን። እንተኾነ ንሓጺር ግዜ ኣብ ማዕከናት ዜና ክመላለስ ቀኒዩ ዝበንን 'ምበር ኣብ ተግባር ክትርጎም ኣይረኣን። ስለምንታይ? እቲ ተገይሩ ዝበሃል ብንቕሓት ካብ ህዝባዊ ኣረኣእያን ሓባራዊ ኣሰራርሓን ስለዘይብገስ፡ ዕምቆትን ቀጻልነትን የብሉን። ንገበሮም ኣይነጸብቆ ዓይነት ላህመታዊ'ዩ። ከም'ዚ ዓይነት ንስለ ገበርና ዝግበር ገምጋም ከኣ ፍታሕ ዘምጽእ ዘይኮነስ መሊሱ ዘቋስል'ዩ። ብተግባር ዝኸውን ዘሎ ድማ ከምኡ'ዩ።

ሓቀኛ ፖለቲካዊ ገምጋም፡ ንጉጅላውነት፡ ናይ ውልቀ ሰባት ዘይምቅዳው፡ ምጥቕቓዕ ማእከሉ ኣይገብርን። መበገሲኡን ሽቶኡን መሰረታዊ ውድባዊ ወይ ግንባራዊ ድኽመታት ምፍታሽን ምእራምን'ዩ። ካብ ዝኸተሎ ፖለቲካዊ ስነ-ሓሳብ፣ ዝሕንጸጾ ስትራተጂን ስልትን፣ ዘውጸኦም መድረኻዊ ፖሊሲታትን ኣብ ተግባር ኣወዓዕላኦምን፣ ስነ-ሓሳብና ወይ ፖለቲካዊ ፕሮግራምና ኣብ'ቲ በዓል ቤት ዝኾነ ህዝቢ በጺሑ'ዶ ኣይበጽሐን? እንተበጺሑ ክንደይ ሓይሊ ሰብ ኣፍሪና? ኣብ ህዝቢ እንተዘይበጺሑን ሓይሊ ሰብ እንተዘይኣፍሪናን ስለምንታይ ኣበይ'ዩ እቲ ጸገም? መን ከ ይሕተተሉ? ኣብ ልዕሊ ዘቤታዊ ጸላኢ ትርጉም ዘለዎ ተጽዕኖ ንፈጥር ኣለና'ዶ? ኣብ ደምበ ተቓውሞ ምስ ዘለዋ ውድባት ናይ ቃልሲ ዝምድና ኣለና'ዶ? እንተልዩና ኣብ ምንታይ ዝተመስረተ'ዩ? ተሓታትነት ዘለዎ ሕጋውን ኣባል ውድባትን ህዝብን ዝፈልጥዎ ወግዓዊ ዝምድና ድዩ? ጉባኤ ዝለዓለ ስልጣን ናይ ሓደ ፖለቲካዊ ውድብ ወይ ግንባር'ዩ። ጉባኤና ኣብ እዋኑ'ዶ ይካየድ ኣሎ። ብጉባኤ ዝተመርጹ ዝተፈላለዩ ደረጃታት ዘለዎም መሪሕነታዊ ኣካላትን ትካላትን፡ ሓላፍነቶም ብጽፈትን ብግዜን'ዶ ይፍጽሙ ኣለው? ...ወዘተ ብዝብል ትካላውን መሰረታዊ ኣረኣእያን ብቀደም ሰዓብ ሰሪው'ዩ ዘካየድ። ድሕሪ ትካላትን መሰረታዊ ናይ ኣረኣእያ ተፍትሽን ብደረጃ ውልቀ ሰባት ወሪዱ ክግምገም ከኣ ኣብ ቦትኡ ይኸውን።

ኣብ ፖለቲካዊ ውድባት ኤርትራ ገይርናን ተገይሩን ዝበሃል ፖለቲካዊ ገምጋም ነዚ መሰረታዊ ረቛሒታት'ዚ ዝመለሰ ድዩ ኣይኮነን ነብስ ወከፍ ኣባል ውድብ ድዩ ሓባራዊ ግንባር፡ ነብሱ ውድቡን ግንባሩን ክሓትትን መልሲ ክረክብ ይግባእ። ብሓቂ ናይ ህዝቢ ሽግር ክፈትሕ ዝቃለስ ፖለቲካዊ ውድብ፡ ቀጻልነት ብዘለዎ ደሞክራስያዊ ፖለቲካዊ ገምጋም የካይድ፡ ካብኡ ብዝረኸቦ ትምህርቲ ካብ ጉድለታቱ ይማሃርን ይእረምን ·ምበር፡ ገምጋም ኣይጸልእን። ኣብ ኣረኣእያን ኣሰራርሓን ገለ ፖለቲካዊ ውድባትን ንምስሊ ኤርትራዊ ብዙሕነት ንውክል ኢና ዝብሉ ግንባራትን ንዕዘቦ ከም ዘለና ግን፡ ካብ ነጻን ደሞክራስያውን መድረኽ ይሃድሙ ጥራሕ ዘይኮነ፡ ተገልቢጦም ንኣድላይነቱ ዘመራስሑ'ዮም።

እዚ ኣረዳድኣ'ዚ ብመሰረቱ ግብራዊ ሓርበኘነት ዝንጸባረቐሉ ·ኳ እንተኾነ፡ ካብ ፖለቲካዊ ድኽነት ዝምንጩ፡ ኣብ ድሕረት ዝሕምብስ፡ ንኹሉ ነገር ብቕልጽሙ ክፈትሕ ዝደሊ ጸረ-ህዝብን ጸረ-ደሞክራስን ኣረኣእያ'ዩ። ገሊኡ ብስመ ገምጋም ስራሕ፡ ኣዕናዊ ጉጅላዊ ሕልሙ ከተግብር ዝህቅን፡ ገሊኡ ሚዛን ሓይሊ ርእዩ ጸግዒ ዝሕዝ። ገሊኡ ከኣ ኣብ ጎኒ ሓለፍቲ ተሰሊፉ ድሌት ኣሕልቑ ደጊፉን ኣድኒቑን ዝወጽእ'ዩ። ህዝባዊ ውግንና ዘለዎ ፖለቲካዊ ስነ-ሓሳብ ዘይወነነ፡ ግብራዊ ተወፋይነት ሓርበኘነት ውጽኢቱ እንታይ ከም ዝመስል ካብ ካልእ ዘይኮነ፡ ከም ህዝቢ ካብ ናይ ሎሚ ኣተሃላልዋና ክንመሃር ይግባእ።

ካብ ድሕረት፡ ነሓፍነት፡ በለጽ፡ ጉጅላውነት ዝረሓቐ ርሱን ደሞክራስያዊ ገምጋማት ምግባር፡ ብዘይ ጥርጥር እቲ ውድብ ፖለቲካዊ ውድብ፡ እቲ መሪሕነት ፖለቲካዊ መሪሕነት፡ እቲ ኣባል'ውን ፖለቲካዊ ኣባል ምዃኑ የመልክት። ስለዚ ፖለቲካዊ ውድባትን ግንባራትን ኤርትራ፡ ግሉጽን ደሞክራስያውን ፖለቲካዊ ገምጋም፡ ፍቱን መድሓኒት ንፖለቲካዊ ሕማም ምዃኑ ብንቕሓት ክግንዘቡን ብተግባር ክጥቀምሉን ይግባእ።

**ካብ ክብሮም ከሰተ**

ኣባል ደሞክራስያዊ ግንባር ሓድነት ኤርትራ (ደግሓኤ)

8 ታሕሳስ 2024